
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.130 | ሰሉስ 30 ጥሪ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ዓይነት ጸገማት ልቢን ኣሻቓሊ ምልክታቶምን



ገጽ 3
ጥበብን ደረስቲን




ገጽ 4
መርዓ፡ ድርኺት ብሩህ ተስፋ መንእሰያት



ገጽ 5
ካብ ዕወት ሜላታት ኣተኣራርማ ህጻናት



ገጽ 7
ናትናኤል ንእሽቶ ኣብ ኣውስትራልያ፡ ናትናኤል ዓቢ ኣብ ቱርኪ ደሚቖም




# ሮማ - ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝተሳተፎ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ኢጣልያን ተቓኒዑ




ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝተሳተፎ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ኢጣልያን፡ ኣብ ከተማ ሮማ ተኻዪዱ።

ቀዳመይቲ ሚኒስተር ረፓብሊክ ኢጣልያ ጆርጅያ ሜሎኒ ኣብ ዘስመዐቶ መደረ፡ ሃገራ ምስ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኩሉ-መዳያዊ ዝምድና ንምሕያል ዘለዋ መደብ ገሊጻ።

ኣብዚ ብጀይቱ ናይ ፊልሞ ዝኾነ ዋዕላ፡ ልዕሊ 20 መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን ኣፍሪቃ፡ ኣቦመንበር ኮሚሽን ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ከምኡ'ውን ላዕለዎት ሰብመዚ ኤውሮጳዊ ሕብረትን ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ዓበይቲ ኣህጉራውያን ትካላትን ተሳቲፎም።

እዚ "ድንድል ንሓባራዊ ዕብየት" ብዝብል ቴማ ብዕድመ መንግስቲ ኢጣልያ ዝተወደበ ዋዕላ፡ ኣብ መንጎ ኣፍሪቃን ኢጣልያን ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት፡ ብቐንዱ ድማ ኣብ ቁጠባን ጥሕተ-ቅርጻን፡ ውሕስነት መግቢ፣ ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ጸዓት፣ ሕርሻ፣ ሞያዊ ስልጠናታትን ባህልን ድልዱል ማዕርነታዊ ምትሕግጋዝ ንምምዕባል ዝዓለመ እዩ።

ፕረዚደንት ረፓብሊክ ኢጣልያ ሰርጆ ማታረላ ብ28 ጥሪ ምሸት ንመራሕቲ ሃገራትን ኣህጉራውያን ትካላትን ኣብ ዝገበሮ ናይ ድራር እንግዶት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ መንጎ ኢጣልያን ኣፍሪቃን ብደረጃ ሚኒስተራት ክካየድ ዝጸንሐ ርክባትን ምይይጥን - ናብዚ ዋዕላ እዚ ከምዝመርሐ፣ ወዱብን ድልዱልን ዝምድናታት ንምምዕባል ከምዝሓግዝ፣ ተሳታፍቲ ብርክት ዝበሉ መራሕቲ ኣብዚ ዋዕላ ድማ - ናቱ መርኣያ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ኢጣልያን ንምስታፍ፡ ብ28 ጥሪ ኣብ ሰዓታት ንግሆ እዩ ገይሹ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለን፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓቢሮም ተጓዒዞም ኣለዉ።

# ዓንሰባ - ኣብ ቀረብ ማይ ዓበይቲ ስራሓት ተሰላሲሎም

ኣገልግሎት ቀረብ ማይ ንምርግጋጽ፡ ብልዑል ተሳትፎ ህዝብን ህዝባዊ ሰራዊትን ዓበይቲ ስራሓት ከምእተሰላሰለ፡ ሓላፊ ጨንፈር ማይ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ዘርኣ ወልደትንሳኤ ገሊጹ።

ኣቶ ዘርኣ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ዝርከብ ጽሩይ ማይ ዘይብጽሖን ዓድታትን ከባቢታትን፡ ብመጽናዕቲ ተለልየን በብደረጃአን ተሰሪዐን ከምዘለዋ ብምሕባር፡ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ዘለወንን ዘይብለንን ተጸኒዐን፡ ዒላታት ምኹዓትን ጽፍሓዊ ትሕዝቶ ማይ ዘሁብትሙ ከዘንቲ ማይ ምስራሕን ዘጠቓልል መደባት ይትግበር ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣብ 2023 ኣብ ሸሞንተ ንኡሳን ዞባታት ናይ ማይ ዳህሳስ ከም እተኻየደ ዝሓበረ ኣቶ ዘርኣ፡ ኣብ ኣርባዕተ ዓድታት ዛብር፣ ኣብ ኣስቡዳ - ንኡስ ዞባ ኣሶማጥ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ፊልሒቶ - ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ናይ ድራል ኩዕታ ከምዘበር እንክሎ፡ ኣብ ሸሸረማን ፊርሔንን ምሉእ ስርዓት ቀረብ ማይ ከምእተተግበረ ገሊጹ።

ብዕቤቱ ምስ'ቶም ቀዳሞት ዝስራዕ ፕሮጀክት ቀረብ ማይ ዛብር እውን፡ ኣብ ማስርሕ ከምዘርከብ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ፕሮጀክታት ማይ ሸውዓተ ዓድታት ካብ ጀነሬተር ናብ ጸሓያዊ ጸዓት ከምእተቐየረ፣ ኣብ ዓድታት ገሉብ፡ ኣስቡዳ፡ ቤልታ፡ ኢደን፡ ቅሩሕ፡ መዘረትን ገርበትን - ተመሳሳሊ መደብ ይትግበር ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ 75 ስርዓት ቀረብ ማይ ተዋዲዱ - 210 ዓድታት ተጠቀምቲ ከምዝኾኑ ሰኑዩት ጨንፈር ማይ የጽርር።

# ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ምህዞን ሰንዓን ዝተዓወቱ መንእሰያት ሸሊሙ

ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ፡ "ምብርባር ፈጠራ መንእሰያት ንዝለቐ ምዕባለ" ብዝብል ቴማ - ብደረጃ ዞባ ዝወደቦ 68 መንእሰያት ዝተሳተፍዎን ውድድር ምህዞን ሰንዓን፡ ካብ 24 ክሳብ 26 ጥሪ ኣብ ከተማ መንደፈራ ተኻዪዱ።

ንውድድር ዝቐረብስራሓት፡ተንቀሳቓሲት ጡሓይት እኽሊ፡ መጨጨፊት ዕፉን፡ ቀማሪት ዋጋ ክራይ ገዛ፡ ብእግሪ እትሰርሕ ፖምፓ፡ ጡሓይት ሳዕሪ፡ መቈጻጸሪ ሕሳብ ትካላትን ካልእን ዘጠቓለለ እዩ።

ሓላፊ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ግርማይ ጉብሩ፡ እቲ መደብ ቀንዲ ዕላማኡ፡ መሰረታውያን ጸገማት ሕብረተሰብ ብምልላይ፡ ብፈጠራዊ ሓሳባት ፍታሕ ምምጻእን ጥመር ፈጠራዊ ክእለት መንእሰያት ምብራኽን ምዃኑ ብምሕባር፡ ብቑዕ ሃገራዊ ማእከል መካዘኒትን ሰናዕትን ክውን ንምግባር - ኩሉ ኣካል እጃሙ ክበርክት ተላብዩ።

ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ምህዞን ሰንዓን ንምትብባዕ ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣትሒዙ ክሰርሓሉ ከምዝጸንሐ፡ እንተኾነ - ካብ ምርኢትን ውድድርን ዝሓልፍ ከምዘይሰገረ ብምምልካት፡ ኣብዚ ኣጋጣሚ ኪጆኡ ዝሸይድ ዕዮ ተዳልዩ ምርኣዩ፡ ኣዝዩ ዘሐጉስ ስራሕ ምዃኑ ገሊጹ።

ተወዳደርቲ፡ እቲ መደብ ንሓድሕዶም ክላለዩን ክትሓጋገዙን ዕድል ከምዝፈጠረሎም ሓቢሮም።

ኣብ መወዳእታ ንተሳተፍቲ ወረቐት ምስክር፡ ንዐወትቲ ድማ ናይ ገንዘብ ሽልማት ተዋሂቡ።



# ተጋዳላይ ዑስማን ኣቡበከር ተሰዊኡ

ሓላፊ ክፍሊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ዞባ ዓንሰባ ዝነበረ ተጋዳላይ ዑስማን ኣቡበከር እድሪስ፡ ብ28 ጥሪ ኣብ መበል 69 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1979 ኣብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ዑስማን፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ማሕበር ረድኤት ኤርትራ ክሳብ ብደረጃ ኣባል ፈጻሚት ሸማግለ፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ሓላፊ ማሕበር ረድኤት ኤርትራ ጨንፈር ዞባ፡ ሓላፊ ኢሚግሬሽን ዞባታት ዓንሰባን ጋሽ-ባርካን፡ ሓላፊ ህግደፍ ኣብ ሰዑድያን ባሕሬንን፡ ከምኡ'ውን ሓላፊ ክፍሊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ዞባ ዓንሰባ ኮይኑ፡ ንሃገሩን ህዝቡን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።



ስውእ ዑስማን ኣቡበከር፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ 6 ደቂን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብ28 ጥሪ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ከረን ተፈጺሙ።

ህግደፍ ዞባ ዓንሰባ ብመሰዋእቲ ተጋዳላይ ዑስማን ኣቡበከር እድሪስ ዝተሰመዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ተመንዩ።

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ዓይነት ጸገማት ልቢን ኣሻቓሊ ምልክታቶምን


ልቢ ኣርባዕተ ክፍልታት ኣለዋ፡፡ እቲ ክልተ የማናይ ክፋል - ናብ ሳንቡእ ደም ዝጭንገዕ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ክልተ ጸጋማይ ክፋል - ኣብ ሳንቡእ ተጻርዩ ንዝመጽኣ ደም ይቕበል፡፡ ናብ ኩሉ ክፍሊ ሰብነት ደማ ይዝርግሕ፡፡ እዚ ንጥፈታት እዚ ንምክያድ፡ ናይ ምጭባጥን ምዝርጋሕን ባህርያት ብዘለዎም ዋህዮታት ልብን ካልኦት ዋህዮታት ወሳብቲ ደገፍ ዝኾኑ ኣካላትን ኣብ ስራሕ ክጽመዱ ግድን ይኸውን፡፡

ዋህዮታት ልቢ ንዓኣም ተባሂሎም ብዝተዘርግሑ ፍሉያት ሰራውር ደም - ማለት ኮሮናሪ ኣርተሪ (coronary artery) - ኣብ ንቡር ንጥፈታቶም ዝድልዮም ጸዓትን ንመቃጸሊኡ ዝኸውን ኦክስጅንን ይረኽቡ፡፡ እዞም ዋህዮታት እዚ ማሰረታዊ ጠለቦም ብቐሊሉ ክረኽቡዎ ምስ ዘይክእሉ ግና፡ ንቡር ንጥፈታት ልቢ ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ይግደድ፡፡ ዋህዮታት ልቢ፡ ተጻዋርነቶም ንኦክስጅንን ጸዓትን ኣዝዩ ትሑት ስለዝኾነ ቀልጢፎም ይሞቱ - ከምኡ ምስ ዝኸውን ድማ - ንዝተፈላለዩ ሕማማት ልብን ሞትን ንቃላዕ፡፡

ሓደ ካብ ኮሮናሪ ኣርተሪ ናብ ልቢ ደም ዘቕርብ ሻምብቆ ምስ ዝዕጾ ወቕዒ ልቢ (heart stroke) የጋጥም፡፡ ብምርጋእ ደም ኣብ ሻምብቆ ዘጋጥም ወቕዒ ልቢ - ኮሮናሪ ትሮምቦሲስ (coronary thrombosis) ተባሂሉ ይጽዋዕ፡፡ ኣብ ግዜ ወቕዒ ልቢ፡ ገለ ክፋል ጭዋዳታት ልቢ ዋሕዲ ዋሕዚ ደም ስለ ዘጋጥሞም ብቕጽበት ይሞቱ ወይ ይለምሱ፡፡

ብደረጃ ዓለም ኣስታት 110 ሚልዮን ደቂ-ተባዕትዮን 80 ሚልዮን ደቂ-ኣንስትዮን፡ ምስ ሻምብቆ ኮሮናሪ ኣርተሪ ምትእስሳር ምስ ዘለዎ ጸገማት ጥዕና ልቢ ከጋጥሞም ከም ዝርአ ጥዕናዊ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡ እዚ ጥዕናዊ ጸገም'ዚ፡ ዓመታዊ ኣስታት 9 ሚልዮን ግዳያት ህይወቶም ከም ዝስእኑ ይገብር፡፡

ብሰንኪ ሕማም ልቢ፡ ኣብ ኣፍ-ልቢ ዘጋጥም ቃንዛ 'ኣንጃይና ፔክቶሪስ (angina pectoris) ይበሃል፡፡ ልቢ ዘድሊ ጠለብ ንምቕራብ - እኹል ኦክስጅን ትረኽብ ከም ዘየላ ዘርኢ ምልክት እዩ፡፡ እዚ ጸገም ጥዕና ልቢ፡ ኣብ ክልቲኡ ጾታ ዝርአ ደኣ ይኹን'ምበር፡ ኣስታት 70 ሚእታዊት ግዳያት ናይ'ዚ ጸገም ደቂ-ተባዕትዮ እዮም፡፡ ብዕድመ ክርአ እንከሎ፡ ልዕሊ 80 ሚእታዊት በዚ ጸገም'ዚ ህይወቶም ዝስእኑ ሽማግለታት እዮም፡፡ ምልክታት ናይ'ዚ ጥዕናዊ ጸገም እዚ፡



ብቐሊሉ ክትርድኦ ወይ ክተንጥሮ ኣጸጋሚ እዩ፡፡ ኣብ ኣፍ-ልቢ ከቢድ ናይ ምጽቓር ስምዒት ምስትብሃል፡ ከቢድ ጸቕጢ ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ሓኸለን መኽተብን ቃንዛ ክስዕብ፡ ኢደን ዓንዲ ሕቖን ገለ ካብ ምልክታቱ እዮም፡፡

'ኣንጃይና ፔክቶሪስ' ምስ ዝኸስት፡ እቲ ዝፍጠር ቃንዛ ካብ 5 ክሳብ 30 ደቓይቕ ምስ ዝኸውን ብኣካላዊ ዕረፍቲ - ኣብ ትሕቲ መልሓስ ቀርቀርካ ብዝፀሕ 'ግሊሰሪን ትራይናይትሬት' ብዝተባህለ መድሃኒት ክፍወስ ይክኣል፡፡ ብኸምዚ እቲ ቃንዛ ምስ ዝሓድእ፡ ግዚያዊ ምጉንዳብ ቀረብ ዋህዮታት ልቢ ምዃኑ ክረጋገጽ ይክኣል፡፡

ህርመት ልቢ ንምቁጽጻር ዝሕግዝ ኤሌክትሪካዊ ተምታ (pulse) ናይ ልቢ ምስ ዝጎድል፡ ልቢ ቀልጢፉ ክትወቕዕ ወይ ክትዝሕል ወይ'ውን ዘይንቡር ህርመት ክተካይድ ትኽእል፡፡ እዚ ጸገም'ዚ ኣሪትሚያ (arrhythmia) ተባሂሉ ይጽዋዕ፡፡ ምልክታቱ ካብ ዘየምቹእነት ኣብ ከባቢ ኣፍ ልቢ ክሳብ ዕምርምር ቃንዛ ኣካላትን ይዝርጋሕ፡፡

ሃንደበት ዘጋጥም ጥልመት ልቢ፡ ካርዲያክ ኣረስት (cardiac arrest) ይበሃል፡፡ እዚ - ልቢ ደም ንምጭንጋዕ ኣብ እተርእዮ ህርመት ዘይንቡር መልክዕ ምስ እትሕዝ ዘጋጥም ጸገም ክኸውን ይኽእል፡፡

ኦክስጅን ዝተሰከመ ደም ናብ ልቢ ከም ንቡር ምብጻሕ ምስ ዘቋርጽ፡ መጥቃዕቲ ልቢ (Heart Attack) የጋጥም፡፡ ጭዋዳታት ልቢ ክዳኸሙን ክሞቱን ይጀምሩ፡፡ መጥቃዕቲ ልቢ 'ምዮካርዲያል ኢንፋርክሽን' (myocardial infarctions) ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ እዩ፡፡ 'ምዮ' (Myo) - ማለት ጭዋዳ፡ 'ካርዲያል' (cardial) ድማ ንልቢ እዩ ዘመልክት፡፡ 'ኢንፋርክሽን' (infarction) ብሰንኪ ዋሕዲ ዋሕዚ ደም ንዝርአ ምህናው ወይ ምሟት ኣካላት የርኢ፡፡

ምስ ልቡመትናዊ (Cardiovascular) ምትእስሳር ብዘለዎም ሕማማት፡ ዓመታዊ ህይወት ኣስታት 18 ሚልዮን ሰባት ከም ዝቕዘፍ ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም የመልክት፡፡ ልቡመትናዊ ሕማማት፡ ምስ ልብን ደም ንምጭንጋዕ ምስ ዘለዉ ሻምብቆታት ልብን ምትእስሳር ዘለዎም ጸገማት ጥዕና እዮም፡፡ ልዕሊ ኣርባዕተ ካብ ሓሙሽተ ልቡመትናዊ ሕማማት ብሰንኪ መጥቃዕቲ ልብን ወቕዕን የጋጥሙ፡፡ ሓደ ሲሶ ካብቲ ብሰንኪ'ዚ ጸገም ዘጋጥም ሞት ድማ፡ ኣብ ትሕቲ 70 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት ይርአ፡፡

መጥቃዕቲ ልቢ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ - ኣዝዩ ልሙድ ሕማም እዩ፡፡ ኣብታ ሃገር፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 40 ካልኢት ሓደ ሰብ ግዳይ ናይ'ዚ መጥቃዕቲ ከም ዝኸውን መጽናዕትታት የመልክቱ፡፡ ኣብ ዓመት ልዕሊ ሚልዮን ኣመሪካውያን በዚ ሕማም ይጥቀዑ፡፡ መጥቃዕቲ ልቢ ዘጓቡ ሕማም ብምዃኑ፡ ቅልጡፍ ሕክምናዊ መርመራን ረድኤትን ዘድልዮ ጥዕናዊ ጸገም እዩ፡፡

### ምልክታት

ገለ ግዳያት ሕማም ልቢ- ምልክታት ናይ'ቲ ሕማም የርእዩ እዮም፡፡ ገሊኦም ግና፡ ፈጺሞም ኣየርእዩን እዮም፡፡ ገለ ካብቶም ብቐሊሉ ጎሊሖም ዝርአዩ ምልክታት ሕማም ልቢ፦

= **ቃንዛ ኣፍ-ልቢ**

ኩሎም ጸገማት ሕማም ልቢ፡ ሓደ ዓይነት ምልክት የብሎምን፡፡ ኣብ ኣፍ-ልብኻ ዝኾነ ቃንዛ ክይተሰምዓካ - መጥቃዕቲ ልቢ ከጋጥመካ ከም ዝኽእል ምፍላጥ የድሊ፡፡

ልቢ፡ ደም ንክትጭንገዕ ናይ ምጭባጥን ምዝርጋሕን ጠባይ እተርኢ ጭዋዳ እያ፡፡ እዞም ጭዋዳታት ልቢ እኹል ደም ምስ ዘይረኽቡ፡ መጥቃዕቲ ልቢ የጋጥም፡፡ ደም ናብቶም ጭዋዳታት - ኦክስጅንን መኣዝንን ሒዙ እዩ ዝኸይድ፡፡ ከምኡ ምስ ዘይገብር ግና፡ እቲ ዝተጎድአ ክፋል ናይ ልቢ ካብ ንጥፈታቱ የቋርጽ - ይመውት፡፡ ኣዚ ድማ ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ፡ ክሳብ ሞት የብጽሕ፡፡

= **ቃንዛ ኣብ ላዕለዋይ ክፍሊ ሰብነት**

ገለ ጸገማት ልቢ ዘጋጠሞም ሰባት፡ ኣብ ኣፍ-ልቦም ዘይንቡር ስምዒታትን ምጭባጥን ዝኣምሰለ ስምዒት ይፈረሉም እዩ፡፡ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ሰብነቶም ምሉእ ብምሉእ ቃንዛ ዝስምዖ ግዳያት ሕማም ልቢ'ውን ኣለዉ፡፡ እቲ ቃንዛ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ከስዐ፡ መኽተብ፡ ሕቖ፡ ክሳድ ወይ ጎሮሮ፡ ሰኒን መንጋጋን ወዘተ ክኸውን ይኽእል፡፡

ኣብ ኣመሪካ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘርኢዮ፡ መጥቃዕቲ ልቢን ወቕዒ ልብን ዘጋጠመን ሓያሎ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብ ከስዐን ታሕተዋይ ሸነኽ ኣፍ ልብን ብርቱዕ ቃንዛ ተሰሚዑወን፡፡

= **ብርቱዕ ረሃጽ**

ዝኾነ ንጥፈታት ከየቐደኻ ወይ ከይተወሳወስካ መዓልትን ለይትን ካብ ንቡር ወጻኢ ትርሃጽ እንተለኻ፡ ምልክት ናይ ዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ብዝጸበበ ወይ ዝተዓገቱ ሻምብቆታት ኣርተሪ ልቢ ደም ክትጭንገዕ እንከላ ሓይሊ ከም ዘድልያ ርዱእ እዩ፡፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ንቡር መቐጽ ኣካላትና ክዕቀብ ምእቲ ናይ ግድን ንርሃጽ ኢና፡፡ ከም'ዚ ምስ እንርአ ተቐላጢፍና ናብ ሓኪም ክንከይድ ይግባእ፡፡

ጸገም ናይ ልቢ ዘለወን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብ ግዜ ለይቲ ክርህጻ ምርኣይ ልሙድ ምዃኑ እዮም ሓኪይም ዘመልክቱ፡፡ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ እዚ ምልክታት'ዚ፡ ምስ ወርሓዊ ጸግያትን ንጽሬ ጸግያትን ይተኣሳሰር ምዃኑ እዮም መጽናዕትታት ዘረድኡ፡፡ ኣብ ግዜ ለይቲ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ብምሓር ረሃጽ ክዳንን ክጥልቂ ወይ ድቃስ ክኣብየን ምስ ዝርአ፡ ናይ ልቢ ጸገም ክኸውን ስለዝኽእል - ናብ ሕክምና ምኻድ ከም ዘድሊ ክዘኻኻራ የብለን፡፡

= **ዕምርምር ምባልን ተምላስን**

ንመጥቃዕቲ ልቢ ኣብ ሓደጋ ዝርከብ ሰብ፡ ናይ ምሕቃቕ መግቢ ጸገማት ከም ዝርአ እዮም ክኢላታት ዘመልክቱ፡፡ መጥቃዕቲ ልቢ ዝያዳ ልዕሊ 65 ዓመት ኣብ ዝዕድሚኦም ሽማግለታት ስለዘጋጥም፡ ብዙሓት ሰባት ከም ምልክት ንዝርአ ጸገም ምሕቃቕ መግቢ፡ ብዕድመ ዝመጽኣ ናይ ከስዐ ጸገም ወዘተ ጥራይ ወሲዶም ሸለል ክብልዎ እዮም ዝረኣዩ፡፡

ኣብ ንቡር ኩነት፡ ዝኾነ ሰብ ናይ ከስዐ ምቅጻል፡ ጸገም ምሕቃቕ መግቢ ወይ ምቅጻል ኣብ ኣፍ-ልቢ ምስ ዝርአ፡ ምልክት ናይ ሕማም ልቢ ክኸውን ስለ ዝኽእል ሕክምናዊ መርመራ ክገብር ይግባእ፡፡

= **ምስልኻይ**

መጥቃዕቲ ልቢ ኣብ ዘጋጠመን ደቂ-ኣንስትዮ ናይ ምስልኻይ ምልክት ብትሑት ዓቐን እዩ ዝርአ፡፡ ገለ ካብ ግዳይ ናይ'ዚ ሕማም ዝኾና ደቂ-ኣንስትዮ ነቲ ምልክት ምስ ናይ 'ኢንፍሉወንዛ' ምልክታት ከተኣሳስርኦ ከም ዝረኣያ መጽናዕትታት የመልክቱ፡፡

ብሰንኪ ሕማም ኣብ ልቢ ዝርአ ምጭንናቕ፡ ኣብ ኣካላትና ናይ ምስልኻይ ምልክት ክፍጠር ግድን ምዃኑ እዮም ክኢላታት ዘመልክቱ፡፡ እቲ ፍልልይ እቲ ናይ ምስልኻይ ስምዒት ብዮበእ ነልዮን ኣይነልዮን እዩ፡፡ ስለ'ዚ ብዙይ ዝኾነ ምኽንያት ኣካላትካ ረሺሽ ምስ ዝበልዓካን ምስ ዝስልኻየካ፡ ምልክት ናይ ዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ክይኸውን ግቡእ መርመራ ምክያድ የድሊ፡፡

ምስልኻይን ጸገም ኣብ እስትንፋስን፡ ካብ ኣብ ግዳያት ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ግዳያት ደቂ-ኣንስትዮ ዝያዳ ይርአ፡፡ እዚ ምልክት'ዚ እቲ ጸገም ናይ ልቢ ምሉእ ብምሉእ ቅድሚ ምጉጣሙ/ምኽሳቱ ዝርአ ምልክት እዩ፡፡ ስለ'ዚ እዩ ድማ - ናይ ምስልኻይ ምልክት ምስ ዝህልወካ ተቐላጢፍካ ናብ ሕክምና ኬድካ ግቡእ መርመራን ፍወሳን ክትገብር ዝምከር፡፡

= **ጸገማት እስትንፋስ**

እስትንፋስ ምስ'ቲ ልቢ እተካይዶ ምጭንጋዕ ደም ቀጥታዊ ምትእስሳር እዩ ዘለዎ፡፡ ልቢ ደም ኣብ እትጭንገዓሉ፡ ብመንገዱ ካብ ሳንቡእ ኦክስጅን ትረኽብ፡፡ ልቢ ብሰንኪ መጥቃዕቲ ልብን ካልእ ዝተፈላለዩ ጸገማትን ብዮበእ ደም ምስ ዘይትጭንገዑ፡ ሕጽረት እስትንፋስ ከጋጥመካ ግድን እዩ፡፡

ጸገም እስትንፋስ ብዝበዝሐ መጥቃዕቲ ልቢ ኣብ ዘጋጠመን ደቂ-ኣንስትዮ እዩ ዝርአ፡፡

### ንሕማም ልቢ ዝያዳ ተቓላዒ መን እዩ?

ናብ ዝተፈላለዩ ጸገማት ልቢ ዘምርሑና ሓያሎ ረቛሒታት ኣለዉ፡፡ ገለ ካብኦም ረቛሒታት ምስ ምድፋእ ዕድመን ተወርሶን ዝመጽኡ ብምዃኖም፡ ክንከላኸሎም ዘጸግሙ እዮም፡፡ እዞም ባዕልኻ ትፈጥሮም ሕማም ልቢ ከስዕቡ ዝኽእሉ ረቛሒታት ግና፡ ክንቈጻጸሮም ካብኡ ሓሊፍና ክንፍውሶም ንኽእሉ እዮም፡፡

ክንቈጻጸሮም ዘይንኽእል ተኽእሎታት ሕማም ልቢ፦

**ዕድመ፦** ዕድመኻ ካብ 65 ዓመት ንላዕሊ ምስ ዝኸውን፡ ግዳይ ጸገማት ልቢ ክትከውን ዘሎካ ተኽእሎ ሰፊሕ እዩ፡፡

**ጾታ፦** ደቂ-ተባዕትዮ ዝያዳ ደቂ-ኣንስትዮ ግዳያት መጥቃዕቲ ልቢ ይኾኑ፡፡

**ስድራቤታዊ ድሕረ-ባይታ፦** ሕማማት ልቢ፡ ጸቕጢ ደም፡ ምኽሳዕን ሕማም ሽኮርን ካብ ዘለዎ ስድራቤት ምስ እትውለድ፡ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ዝያዳ ተጠቃዒ ኢኻ፡፡

**ክንቈጻጸሮ እንኽእል ጠንቅታት ሕማም ልቢ፦**

* ምትካኽ ሽጋራ፡
* ልዕሊ ዓቐን ኮሌስትሮል፡
* ምኽሳዕ፡
* ዋሕዲ ምውስዋስ ኣካላት፡
* ኣመጋግባን ኣወሳስዳ ኣልኮላዊ መስተን፡
* ወጥሪ ወዘተ፡፡

### ምክልኻል

ሓደ ካብቲ ዝበለጸ ካብ መጥቃዕቲ ልቢ ንምክልኻል ዘኽእል ኣገባብ፡ ጥዕና ዘለዎ ኩነታት ኣነባብራ ምኽታል እዩ፡፡ እዩም ጥዕና ዝህቡ ኩነታት ኣነባብራ፦

= **እትወስዶ ዓቐን ስብሕን ኮሌስትሮልን ምጉዳል፡፡** መዓልታዊ ካብ እትወስዶ ዓቐን መግቢ ልዕሊ 20 ሚእታዊት ስብሕን ኮሌስትሮልን ክኸውን ከም ዘይብሉ ክኢላታት የመልክቱ፡፡

= **እትወስዶ ዓቐን ጽሕጊ (fiber) ምውሳኽ፡፡** ጽሕጊ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣካላትና ንዘርክቡ ዝተኸዘኑ ኮሌስትሮል ናይ ምጽራይ ልዑል ዓቕሚ እዩ ዘለዎ፡፡ ምፍራይ ናይ ፕሮቲን ኣብ ኣካላትና ዘጸምታዊ ከም ዝኸውን ስለ ዝዕብሮ'ውን፡ ኣብ ሻምብቆታት ክፍጠር ካብ ዝኽእል ምርጋእ ደም ይከላኸል፡፡ ብጽሕጊ ዝዕበተሙ መግብታት ምውሳድ፡ ቀልጢፍካ ጽጋብ ከም ዝስምዓካ ስለ ዝዕብሮ'ውን ልዕሊ ዓቐን መግቢ ከይትወስድን ከይትኸስሕን ክከላኸለልካ ይኽእል፡፡ ኣብ መዓልቲ ክንወስዶ ዝግበኣና ካብ 25 ክሳብ 40 ግራም ጽሕጊ ንኽንረክብ፡ ኣመጋግባና ኣብ ጥረታት፡ ፍሩታታትን ኣሕምልትን ክዘሉ ይምረጽ፡፡

= **ትወስዶ ዓቐን ጨው ምጉዳል፡ ዓቐን ፖታሸዩም ድማ ምውሳኽ፡፡** ኣብ መዓልቲ ክንወስዶ ዝግበኣና ዓቐን ጨው 2300 ሚሊ. ግራም ክኸውን ይግባእ፡፡ እዩም ኣብ ተቓላዒ ኩነታት ሕማም ልቢ ዝርከቡ ሰባትን ሽማግለታትን - ክወስዱዎ ዝግበኦም ዓቐን ጨው ትሕቲ 1500 ሚሊ. ግራም ክኸውን ይምረጽ፡፡ እዚ ንምቁጽጻር ሓደሽ መግቢ ክንወስድ፡ ዝተዓሸጉ መግብታት ካብ ምምጋብ ክንቁጠብ የድሊ፡፡ እኹል ፖታሸዩም ምውሳድ ጸቕጢ ደም ንምቁጽጻር ሓጊዚ እዩ፡፡ ከም ሰርናቲ ዝኣመሰሉ ቆጽለት ኣሕምልቲ፡ ድንሽ፡ ባናና፡ ኮሚደረ ወዘተ ልዑል ትሕዝቶ ፖታሸዩም ካብ ዘለዎም መግብታት እዮም፡፡

= **እትወስዶ ዓቐን ኣልኮል ምጉዳል፡፡** ኣልኮል ብማዕጡ ምውሳድ ኣብ ኣካላትና ንዝርከብ ዘይተደልየ ስብሒ ከቃጽለልና ከም ዝኽእል ይገልጽኡ፡ እንተኾነ፡ ዓቐኑ ምስ ዝበዝሕ - ንዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ከም ዘቃልዕ ክኢላታት የገንዝቡ፡፡

= **ቀጻሊ ምውስዋስ ኣካላት ምክያድ፡፡** ኣብ መዓልቲ ካብ 30 ክሳብ 60 ደቓይቕ ብእግሪ ምጉዓዝ፡ ሓደ ካብቲ ዝበለጸ ዓይነታት ምውስዋስ ኣካላት ምዃኑ ክኢላታት ይሰማምዑሉ፡፡

= **ምትካኽ ሽጋራ ምቁራጽ፡፡** ምስ ቀዳሞት ዝስራዕ ካብ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ምትካኽ ሽጋራ እዩ፡፡

**ምንጪ፦** webmd


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# መርዓ፡ ድርኺት ብሩህ ተስፋ መንእሰያት

ኢንጂ. መዓሾ ተወልደ

“ትብጻሕኩም! ተባሂሎም።” ...

“ኣሰይ ኣሰይ ፈጣሪ ይተሓወሶ!”

ኣብ ምምስራት ሓዳር ዝውሰድ ቀዳማይ ሕጋዊ ስጉምቲ ሕጸ እዩ። ንሕጸ ተኸቲሉ ሕጋዊ ውዑልን ስነ-ስርዓትን መርዓ ይፍጸም። “እንዳ እገለ መርዓ ኣኺሉ ዕድመኹም! ወይ ዕድመ በጺሕኩምዶ?” ምስ ተባህለ፡ “ሓሳብ ልቦም የስምረሎም! የፈጽሞም!” ብምባል ሰናይ ትምኒትን ደገፍን ይግለጽ። ጥዑም ስማዕ፡ ጥዑም ብስራት እዩ። ኣይኮነንዶ ናይ ክልተ መጻምድቲ መቐርብ፡ ንዝኾነ ሰማዒ ሰናይ ስምዒት ዝፈጥር ብስራት እዩ። መዓልቲ መርዓ ኣኺሉ፡ ድምጺ ዕልልታ ተሰምዐ፡ መቐርብን ዕዱማትን ዝከኣሎም ይጸባበቑ። ተዓጠቕትን ኣጋይሽን ብወኒ ዳስ የማዕርጉ። ድሕሪ ናይ እምነት ቃል ኪዳን ኣብ ዳስ ሕጋዊ ውዕል መርዓ ይፍጸም። መርዓ ብተሳትፎ ብዙሓት ብሓጉስ ይከናወን። ኣብ ዝምልከተን ትካላት መንግስቲ’ውን ውዕል መርዓ ክፍጸም ይከኣል እዩ። እዚ ናይ ሃገርና’ዩ። ስእሊ ንምፍጣር እምበር ብዝርዝር ኣይተገልጸን። ኣብ ካልኦት ሃገራትን ሕብረተሰባትን ከኣ ከከም ባህሎምን ልምዶምን ይትግብርዎ። ንስነ-ስርዓት መርዓ ብዙሕ ገንዘብ ይፈሶ እዩ። ብመጠኑ ከከም ኩነታት ሕብረተሰቡ ደኣ ይፈላለ’ምበር ገንዘብስ ይባኽን እዩ። ውዕል መርዓ ግን ሕጋውያን መጻምድቲ ምዃንና ጥራይ እምበር፡ ክንደይ ገንዘብ ከም ዘጥፋእና ኣየካትትን እዩ። ኣብ ኩለን ሃገራት ከኣ ሕጋዊ ተቐባልነት ኣለዎ። ብገንዘብ ኣይልካዕን እዩ።

“ስለምንታይ ንመርዓ ክንድ’ዚ ተገዳስነት፡ ርጡብነት፡ ጥንቃቐ፡ ተሳታፍነት፡ ይግበረሉ? ስለምንታይከ ክንድ’ዚ ሓጐስ፡ ባህታ ይፈጥር?” ብፍላይ’ኳ ካብ መንእሰያት ከምዚ ዝብሉ ኣይሰኣኑን ይኾኑ። ብወለዶም “ኣንታ ብርሃን ዘይተርእዩና?” ተባሂሎም እቲ ብርሃን መርዓ ገይርካ ሓዳር ምምራሕ ምዃኑ ግምት ከይሃቡ ምስ ኣበሃህላ ወለዶም ዘረባ ዝመላለሱ ኣለዉ። ሓዳር ደኣ ኣየናይ ብርሃን ከ! ናይ ብሓቂ ብርሃን እምበር። ብኣንጻሩ ኣብ ሕብረተሰብ መርዓ እንተ ዘይህሉስ ክንደይ ጸልማት ምተፈጥረ ብምባል ምግማት ይከኣል እዩ። መርዓ ብሩህ ተስፋ ጽባሕ እዩ። ስለምንታይ ክንድ’ዚ ... ክንዲ ዝኾነ ይሕተት። ምናልባት ኣብ ስነ-ስርዓት መርዓ ዝወጽእ ገንዘብ ንምውሓድ ቅርጥውናን ውሕልነትን ርትዓውነትን የድሊ እዩ። እንተ ኣብ ካልእ መዳያት መርዓ፡ ብኹሉ መዳዩ ተጸኒዑ ብምሉእ መረዳእታን ንቕሓትን ክግበር ኣለዎ። ንዓና



ኤርትራውያን ከም ሕብረተሰብ መርዓ ካብ’ቶም ዝዓበዩ ጉዳያትና እዩ። ነዚ ኸኣ መንእሰያት ኣጸቢቕና እናነቓሕናሉ ንኸይድ ኣለና። “ስለምንታይ? እወ ከመይ ኢሉ?”

“ከመይ ዝብል ለባም!” በል መልሱ ሓዝ፤ ንኣብነት ናይ ስነ-ህይወት ተመራማሪ ዝነበረ ቻርለስ ዳርዊን ዝበሎ፡ ክንደይ ግዜ ኣብ ስሩዕ ትምህርትናን ኣብ ሰሚናራት ብሓለፍትን ምሁራትን ኣቐዲምና ዝፈለጥናዮ ኣለና። ሓደ ፍጡር ቀጻልነቱ ከውሕስ እንተ ኾይኑ፡ ነዘን ዝስዕባ ሰለስተ ቀንዲ ነገራት ግድን ከማልእ ኣለዎ።

ቀዳማይ፡ ከመይ ኣቢሉ ይከላኸል?

ተፈጥሮ ስቕ ኢልካ ክትነብር ስለ ዘይትንሕፍ፡ ሓደ ፍጡር እንተ ተፈጥሮ ብዝዓደሎ ክእለት እንተ ባዕሉ ዘማዕበሎ ክእለት ገይሩ ድሕነቱ ከውሕስ ኣለዎ። እንተ ዘይክኢሉ ይጠፍእ።

ካልኣይ፡ ከመይ ኣቢሉ መግቡ ይእክብ?

ሓደ ፍጡር መግቡ ዝእክበሉ ብልሓት እንተ ዘይኣማዕቢሉ ብጥምየት ይጸንት።

ሳልሳይ፡ ከመይ ኣቢሉ ይባዛሕ?

ሓደ ፍጡር ተባዚሑ ሓረግ ወለዶኡ ዝቕጽለሉ ውሑስ ኣገባብ እንተ ዘይኣማዕቢሉ ኣብዛ ዓለም ክሰርር ይጽገም። ጸገሙ እንተ ዘይፈቲሑ ኸኣ ይጠፍእ።

ሕብረተሰብና ኸ ከም ሕብረተሰብ ክሰርር እንተ ኾይኑ ነዘን ሰለስተ ነገራት ኣብ ምግባር ይሰንፍዶ! ይብርትዕ እምበር! ከመይ ኣቢሉ ደኣ መንነቱ ዓቂቡ ጸኒሑ። ካብ ቀደሙ ድሕነቱን ህላውነቱን ዝሕልወሉ ኣገባብ እናተጠቐመ ጸኒሑ። መጽናዕትን ምርምርን መራጉድን ኣንፈት መትሓዝን መበርትዕን ደኣ’ምበር ሕብረተሰብ ንድሕነቱ ዝሓልፎ መስርሓት ብዙሕ እዩ።

ኣርእስትና እቲ ሳልሳይ እዩ፣ መርዓ! “ንመርዓ ስለምንታይ ክንድ’ዚ...?” እወ ንመርዓ ኣጸቢቕና ንግደሰሉ፡ ንሓስበሉ፡ ንጥንቀቐሉ፡ ንነቕሓሉ ኩሉ ንገብረሉ፣ ካብቶም ቀንዲ መሰረት ውሕስነትናን ድሕነትናን ቀጻልነትናን ዝኾኑ ረቛሒ ስለዝኾነ። ሓደ ሕብረተሰብ ኣብ መውስቦኡ ንድሕነት ዘውሕስ ኣገባብ እንተ ዘይብሉ፡ ስለምንታይ ድሕነቱ ንምክልኻል ኣብ ኩናት መስዋእቲ ይኸፍል። ክልቲኡ ሓደ እዩ። ሰኣን ግቡእ ምክልኻል ምጥፋእ ኣሎ፣ ሰኣን ግቡእ መውስቦ ምፍጻም ምጥፋእ ኣሎ። ስለዚ ንመርዓ ብተገዳስነት ብሕግን ስርዓትን ፈጺምና፡ ብደበላን ዕልልታን ብእምብልታን ዋጣን እንተ መጒስና፡ ናይ ድሕነትናን ቀጻልነትናን ጥበብን ንቕሓትን እዩ። ብፍላይ እኳ ንዓና ንኤርትራውያን ምስ ዝበዝሓ ጸለውትን ምዕቡላትን ሃገራት ብምንጽጻር ውሑዳት ስለ ዝኾንና፡ ብዝለዓለ ጥንቃቐን ተገዳስነትን ክንገብሮ ይግበኣና። ኣማኢት ሚልዮናት ብዝሒ ህዝቢ ዘለወን ሃገራት ዝኽተልኦ ኣገባብ ዘዘውትርኦ ልምዲ፡ ወይ ዝገብርዎ ሸለልትነት ኣብ ውሑድ ብዝሒ ህዝቢ ዘለውን ሃገራት ንሓደጋ ዘቃልዕ ክኸውን ይኽእል። ከም ሓደ ርስሓት ናብ ውቅያኖስን ናብ ሓደ ቃላይን ክጒሓፍ እንከሎ ዝፈጥሮ ፍልልይ ማለት እዩ። እቲ ነቲ ቃላይ ጠቕላላ ምሉእ ብምሉእ ዝበክሎ ወይ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ዝገብሮ፡ ነቲ ውቅያኖስ ኣይብክሎን። ኣበይ ከም ዝፈሰሰ’ኳ ደሊኻ ኣይርከብን።

ብባህልን ልምድን፡ ብሕግን ስርዓትን ሕብረተሰብካ ተማእዚዝካ፡ ማሕበራውን ባህላውን ሰውራውን ክብርታት ሃገርካ ዓቂብካ፡ ኣብ ግዜኡ መርዓ ምፍጻም ሃገራውነት እዩ። ስድራቤት መሰረታዊት ኣሃዱ ናይ ሓደ ሃገር እያ። ኩሉ መሰረታዊ ነገራት ምሂራ ኣውሓስቲ ሃገር፡ ሃነጽቲ ሃገር እተዕቢ ዓባይ ትካል። ስድራቤት ንምምስራትን ብንቕሓትን ብርድኢትን ብድልየቶምን ኣብ ግቡእ ግዜኦም መርዓ ዝገብሩ መጻምድቲ ሓላፍነት ንምስካም ትብዓት ዝኣከቡ እዮም። መርዓ ምፍጻም ስድራቤታውን ማሕበራውን ሓላፍነት ምውሳድ እዩ። “ከኣ መጽአ መጽአ፡ ኣንበሳ ይመስል ካብ ዱር ዝወጽአ፡” ዝበሃል፡ ግርማን ትብዓትን ንምውካል ይመስል።

መርዓ ብዙሓት ብቐረባ ንዘይፋለጡ ሰባት የቀራርብ፡ ኣሕዋት ይገብር። ተስፋ ምድልዳል ፍቕርን ሓድነትን ይህብ። መንእሰያት ኣብ ግቡእ ግዜኦም ክምርዓዉ ምርኣይ የሐጉስ ጥራይ ኣይኮነን፣ ተስፋ ስድራቤት ተስፋ ሕብረተሰብ ንኽዓቢ’ምበር ይድርኽ። ዝድልድል ፍቕሪ መንእሰያት፡ ዝምስረት ሓዳር፡ ዝጥመርን ዝሰጥምን ማህበራዊ ህይወት ርእዩ ዘይምርቐን ዘይትስፎን፡ ኣመት መጻእቲ ወለዶ ዘይብሉ ተስፋ ቌረጽ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። የድሕነና! መንእሰያት ሓቂ፡ ቅንዕና፡ ሒዞም ብእምነት ካብ ዕርክነትን ምሕዝነትን ካብ ኩሉ ጸቢብ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ነጻ ኮይኖም ኣብ መርዓ ምብጽሖም፡ ኣገናዕ ዘየብል ኣይኮነን። ይበሃሉ ኸኣ ኣለዉ። ኣብ መርዓ ዝግበር ተሳትፎን ኣብ ሕጽኖት ዝግበር ኣበርክቶን ተገዳስነትን መርኣያ ኣድናቖትን ኣኽብሮትን ናይ መጻምድቲ እዩ።

መርዓ ንቕሓትን ልቦናን ምዕባለን ወዲሰብ ዘምጽኦ ነገር እዩ። መርዓ ተፈጥሮኣዊ መስርሕ ኣይኮነን። ቈልዑ ምውላድ ግን ተፈጥሮ እዩ። እቲ ሕቶ ብኸመይ ትወልድ፡ ብኸመይ ተዕቢ፡ ብኸመይ ሕብረተሰብ ይቕጽል እዩ። እቶም ዝበዝሐ መውስቦኦም ብጥንቃቐ ብሕጊ መርዓ ዝገብርሉ ሕብረተሰባት ስልጡናት እዮም ዝበሃሉ፣ እዮም ከኣ። ብዙሓት ብሕጊ ዝቖማ ስድራቤታት ይውንኑ። ብዙሓት ብትካላዊ ቅርጺ ዝዓብዩ ዜጋታት ይውንኑ ማለት እዩ። ከምዚ ጸጋ ዘለዎም ሕብርተሰባት ከኣ ውሑስን ትስፉውን መጻኢ ናይ ምጭባጥ ተኽእሎኦም ዓቢ እዩ። ሕብረተሰብና ነዚ ነገር እዚ ካብ ቀደም ዝነቕሓሉን ዘለበመሉን ህዝቢ እዩ። ክንደይ ጸላእቲ ነዚ ክብሪ እዚ ከፍርስሉ ሃቂኖም ግና ብገድሉን ጽንዓቱን ዓቂብዎ። ከዳቕልዎ፡ ክደባልቕዎ ፋሕ ኣቢሎም ከጥፍእዎ ደኺሞም። እሞ ኤርትራውያን ቀለልቲዶ? ወይከ ካብ ክብርታትቶም ምኒቕ! ክሳብ ሕጂ’ውን እንተ ኾኑ እቶም ንጥፍኣቱ ዝሕልኑ፡ ኣብ ጉዳይ መውስቦ ድሕረትዶ፡ ናይ ዓልየት ኣኽራርነትዶ፡ ጸቢብነትዶ ወዘተ እናበሉ ከቃጥንዎ ይፍትኑ። ኤርትራ ናይ ኤርትራውያን እያ። ድሕነትን ቀጻልነትን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣይነእቱን። ባህልናን መንነትናን ክብርታትናን ዘይንሕሉ እንተ ንኸውን ደኣ እንታይ ምእንታኡ ብገድልን መስዋእትን ከቢድ ዋጋ ምኸፈል ኣድለየ። ንጸይቕታትን ነውርታትን ገዛእቲ “ፎእ!” ዝበለ ህዝቢ ክብሪ ይግበኦ እዩ።

መርዓ ንማሕበራውን ስምዒታውን ሸነኻት ብእወታ ስለዝጸሉ ዕዉት ዜጋ ኣብ ምፍጣር ውጽኢታዊ እዩ። ብኹሉ መዳይ ዕዉታት መንእሰያት ምህላው ተስፋን ሓበንን ሕብረተሰብ ክዓቢ ንቡር እዩ። መርዓ ንተጻመድቲ መንእሰያት ትስፍዋትን ጽኑዓትን ንኽኾኑ ይድርኽ እዩ። ንመርዓ ብኹሉ መዳያቱ ተገዲስና ክንሕዞን ዋጋ ከነውጽኣሉን እኳ ዝግባእ እንተ ኾነ፡ ኣባኻኒ፡ ንቕድሚት ዘየሰጉም፡ ብእኡ ኣቢልካ ናብ ካልእ ትዕቢትን ዕሽነትን ዝውስድ፡ ረኣዩለይ ስምዑለይ ክበዝሖ ግን ነቲ ውርዙይ ባህሊ ምብልሻውን ንባዕልኻ ምፍኳስን እዩ ዘኸትል። ስለዚ መንእሰያት ኣብ ጉዳይ መርዓ ዘለና ንቕሓትን ኣረኣእያን ልዕሊ ኣቦታትና ኢና’ኳ ክንብል ኣይንኽእል፡ ኣብ ምዕቃብ ግን ኣይሰነፍናን። ነቲ ብመግዛእቲ ኣብ ከተማታት ኣትዩ ዝነበረ ፋሉልነት’ውን ስዒርናዮ። ብፍላይ ከኣ ኣብ ደቀንስትዮ ዝተገብረ ወፍርን ናይ ዕድላት ማዕርነትን ነብስኻ ናይ ምኽኣል ብቕዓትን ንቕሓትን ብልጫ ስለዝፈጠረ፡ ምዕሩይ ዝምድና መንእሰያት ክንርኢ በቒዕና ኢና። ፋሉልነት ከም ናጽነት ዝሓስብ እንተ ነይሩ ኸኣ ዕሽነትን ድሕረትን ምዃኑ በሪሁሉ ኣሎ።

“ርሑስ ጋማ! ፈረይትን ጸገይትን ይግበርኩም!” ኢሎም ዝምርቑ፡ የብዝሓዮም። ንድሕነትናን ቀጻልነትናን ስለ ዝኾነ ንዕጠቐሉ። “ጥሪ ኸኣ መጽኣት፡ መርዓ’ምበር በዚሑ፡” ንዝብሉ ኸኣ መንፈሶም ክሕደስ ተስፋ ክበዝሓሎም ብመርዓ ክሕጎሱ ንምነየሎም። “ሰስኑ ሰስኑ፡ ሸሕን ዋልታን ኩኑ፡ ኣታ ዝዓድና ከይኣትዎ ጓና፡” እወ ሕብረተሰብና ይሰስን። መርዓ ክቡር እዩ። ነዚ ክብሪ እዚ ኣብ ግቡእ ግዜኦም ዘበቕዕዎ መንእሰያት ከኣ ክብሪ ይኹኖም! ክብሪ ይኹነን! “ርሑስ ጋማ!!”

“ መርዓ ንተጻመድቲ መንእሰያት ትስፍዋትን ጽኑዓትን ክኾኑ ይድርኽ እዩ። ”

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣብ መንን ከሳሲ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራን ተኸሰስቲ 1.ሉቻኖ ሓዚ.ቢ.ማ 2. ኣቶ የማነ ተኽለማርያም +1ን ዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር ጉዳይ፡ ተኸሰስቲ 1.ኣቶ የማነ ተኽለማርያም 2. ወ/ሮ ብዙ ገብረስላሴ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ንዕለት 20/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ንግዲ መጋባእያ ቁ.40 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጡ።

ኣብ መንን ከሳሲ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራን ተኸሰስቲ ወረ/ኛ ሳልሕ መሓመድ ኑር ዑስማን 1.ሓሊማ መሓመድ ኣሕመድ +8ን ዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር ጉዳይ፡ ተኸሰስቲ 1.ዓብደልራሕማን ሳልሕን 2.ቶውፊቅ ሳልሕን ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ንዕለት 20/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ንግዲ መጋባእያ ቁ.40 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጡ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ሪዘት ተኽሉ ቀለታ፡ ስም ኣደይ ፋና ጋዝይ ምባል ተሪፉ፥ ፋና ገብረማርያም ጋዝይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 16/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ኣመልካቲት ሉቱ ገብረየሃንስ ራእሱ፥ ተጸዋዕቲ 1.ሰምረት ተኽሉ 2.ሰመረ ተኽለ 3. ኣብርሃም ተኽለ 4.ሳባ ኣርኣያ 5.ጸጋዝና ኣርኣያ 6.ኣሰካሉ ኣርኣያ 7.ትዕግስቲ ኣርኣያ 8.ጌት ኣርኣያ 9.ሃብቶም ኣርኣያ 10.ትርሓስ ኣርኣያ ንናይ ወህቡቶ ስም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 27/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጡ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ከሳሲት ወ/ሮ ውዳሴ ወ/ሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣፈወርቂ ተኳ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 12/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

የውሃንስ ክፍሎም ዘርኣይ፥ ኣቦና ተ/ጋ ክፍሎም ዘርኣይ ተሰፋጼን ስለዝተሰወኡ፥ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 27/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብርሀት ተወልደ ኣድሓኖም፡ በዓል ቤተይ ሪዘ ሰጊድ ፍረዝጊ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 10 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃንናም ይረጋገጸሉም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 27/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ባጽዕ

ሰለም መቀደሰን ዓትቕ ምባል ተሪፉ፥ ሰለም ምዕይድ ዓትቕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 14/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰምሃር ፍጹም ነጋሲ ምባል ተሪፉ፥ ሰምሃር ፍጹምብርሃን ነጋሲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 28/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ከማል መሓምድሳምራ ግዑዳድ ምባል ተሪፉ፥ ከማል ሰመራልዑል ግዑዳድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 20/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ሰላም መስከረም ፍትሒ

ወ/ሮ የርሳሌም ተኽሉብርሃን ዘርኣይ፥ በዓል ቤተይ ተኽለዝጊ ገ/ሂወት ተ/ማርያም ስለዝተሰወኡ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃንናም ይረጋገጸሉም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 15/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ጎልጅ ዞ/ጋ/ባርካ -

ወ/ሮ ትርሓስ በየን ጭኑም፡ ስም ኣደይ ጸሃይቱ ዓንደማርያም ሰረቀ ምባል ተሪፉ፥ ጸሃይቱ ዓንደማርያም ኣረይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 22/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ገብረመድህን ገብረትንሳኤ፥ ኣሳፍ ስተሽነሪ (ASAF STATIONERY) ዝበሃል ንግዲ ስለዝቐየረ፥ "ኣሳፍ ኤለክትሮኒክስ" ASAF ELECTRONICS) ተባሂሉ ክቕየረለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ንፈልጥ።

ኣብ ምም/ዞባ ማእከል ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 134-11 ቁጽሪ ገዛ 2 ፕሎት 09 ፓርሰል "G" ዝርከብ ስፍሓቱ 104 ት/ሜትሮ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1 BRAGM005478 ብዕለት 16/1/2024 ዓ/ም ብስም ወረ/ኛ ሰላማዊት ገብረማርያም ሓጎስ +4 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ስለዝጠፍኣክም'ሞ ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ (ሓደ ወርሒ) ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ንብረት መመዝገቢ (ካዳስትራል ኦፊስን) ይቕረብ።

ወ/ሮ ንግስ ገብረጻሃይ ኣብራሃም
ብወኪል ወ/ሮ የርዳኖስ ወልዳይ ተብረኸ

### ምስጋና



ኣዚና እንፈትዋን እነፍቅራን ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ሓዳስ ሓጎስ ተፈሪ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ካብ ጎና ዘይተፈለኹም፡ ኣብ ቤትና ብምምልላስ፥ ከምኡ'ውን ክሳብ መቓብራ ብምፍናድ ዘቃበርኩምናን፡ ገዛና ብምምልላስን ብተሌፎንን ኣብ ወሽጥን ወጻኢን እትነብሩ ኣሕዋትን ቤተሰብን ዘጸናናዕኩምናን ኩልኹም ፈተውትና፣ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ፡፡

ደቃ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

# NOTICE

Notice is hereby given to the public that "ANDOM PRIVATE LIMITED COMPANY" has been formed among the following members.

**A)** Shareholders

| NAME | NATIONALITY | ADDRESS | NO.OF SHARES | VALUE OF SHARES |
|---|---|---|---|---|
| Mr. Pityas Abraham Andom | Eritrean | Asmara | 40 | 40,000.00 |
| Mr. Ermyas Abraham Andom | Eritrean | Asmara | 40 | 40,000.00 |
| Mr. Yosyas Abraham Andom | Eritrean | Asmara | 40 | 40,000.00 |
| Mr. Sofonyas Abraham Andom | Eritrean | Asmara | 40 | 40,000.00 |
| Mr. Denden Abraham Andom | Eritrean | Asmara | 40 | 40,000.00 |
| | | TOTAL | 200 | 200,000.00 |

The head office of the company will be in Asmara and branch offices may be opened anywhere within and outside Eritrea.

**B)** The total paid up capital of the company is Nakfa two hundred thousand (200,000.00) divided in to two hundred shares (200) of par value of Nakfa one thousand (1,000.00 Nakfa) each.

**C)** The overall business purposes of the company shall be:

1. To engage in the service businesses of bar, restaurant, fast food, cafes, snack bars, billiard, & games
2. To engage in the service businesses of beauty salon, barber shop, tour and travel agency, and related activities
3. To engage in the manufacturing business of bakery, pastry, and related activities
4. To engage in the retail business of spare parts, building and agricultural materials, electronics and electrical materials, repair and sales of bicycles, etc
5. To engage in retail business of super market, grocery, readymade garments, shoes, cosmetics, gift articles, flower shop, pharmacy, and general trade
6. To provide photo shop and studio services, retail of stationery materials, photocopy and desktop publishing services,
7. To engage in the business of import/export, commission agent or representation of manufacturers and traders, general trade, wholesale, and retail of related activities.
8. Generally to carry out any other activities related to its object and purposes or any profession or services connected with or ancillary to the general business of the company.

**D)** Mr. Pityas Abraham is appointed as the general manager for unlimited period of time.

**E)** The period for which the company is established is unlimited.

**ANDOM P.L.CO** ዓንዶም/ሓ.ዝ.ብ.ማ

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ኢራን፡ ‘ኣብ ቅትለት ወተሃደራት ኣመሪካ ኢድ የብለይን’ ትብል

ኢራን፡ ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዮርዳኖስ ኣብ ዝርከብ መዓስከር ሰራዊት ኣመሪካ ዝተፈጸመ ናይ ድሮን መጥቃዕቲ - ኢድ ከምዘይብላ ገሊጻ።

እታ ሃገር ነዚ ዘፍለጠት፡ እቲ ህይወት ሰለስተ ወተሃደራት ኣመሪካ ዝቐዘፈ ልዕሊ 30 ካልኦት ዘቑሰለን መጥቃዕቲ፡ ኢራን ብእትድግፎም ጥሩፋት ዕጡቓት ጉጅለታት ከምእተፈጸመ - ፕረዚደንት ኣመሪካ ጆ ባይደን ድሕሪ ምኽሳሱ እዩ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ናስር ካናኣኒ ትማሊ ሰኑይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ብኣመሪካ ዝቐረበ ዘሎ ክሲ መሰረት ዘይብሉ ሓሶት ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እታ ሃገር ኣብ ሶርያን ዒራቕን እተካየዱ ዘለዉ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታትን ኣብ ልዕሊ ቃዛ ዝፍጸም ዘሎ ህልቂትን ደው ክብል ዘይብሉ፡ ኣብቲ ዞባ ዝርከቡ ወተሃደራታ ካብ መልሱመጥቃዕቲ ክድሕኑ ከምዘይክእሉ ኣገንዚቡ።

ነቲ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኣብ ዝርከብ መዓስከራት ኣመሪካ ዝፍጸም ዘሎ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት፡ እዮም ብኢራን ዝድገፉ ዕጡቓት ሓላፍነት ይወስዱሉ ከምዘለዉ እዩ ዝሕብር።


እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ጆ ባይደን፡ ነቲ ኣብ ጥቓ ዶብ ሶርያ ኣብ ዝርከብ መዓስከ ኣመሪካ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ወተሃደራዊ ግብረ-መልሲ ክህበሉ ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

ኩናት ቃዛ ኣብ ፈለማ ወርሒ ጥቅምቲ ካብ ዝውላዕ ንደሓር፡ ብኢራን ዝድገፉ ዕጡቓት ሚሊሻታት ኣብ ልዕሊ ኣብ ዒራቕን ሶርያን ዓስኪሮም ዝርከቡ ወተሃደራት ኣመሪካ 150 ግዜ መጥቃዕቲታት እኳ እንተፈጸሙ፡ እዚ ናይ ሰንበት መጥቃዕቲ - እቲ ዝለዓለ ሰብ ክሳራ ዘውረደሉ ፍጻሜ ኰይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ - ብመሰረት ጸብጻባት።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ዮርዳኖስ ኣስታት 3 ሽሕ ወተሃደራት ኣመሪካ ዓስኪሮም ከምዝርከቡ፡ እቶም ጸብጻባት ይጠቕሱ።




## ኣብ መንጎ ሃንጋሪን ዩክሬንን ኩናት ክይውላዕ ተሰጊኡ



ኣብ ሃንጋሪ ሕሉፍ የማናዊ ፖለቲካዊ ሱሓሳብ ከምዘለዎ ዝንገረሉ ‘Our Homeland’ ዝተሰምየ ፖለቲካዊ ሰልፊ፡ ዩክሬን ኣብቲ ምስ ሩስያ እተካይዶ ዘላ ኩናት እንተድኣ ተሳዒራ፡ ንምዕራባዊ ግዝኣታ ኣካል ልኡላዊ ግዝኣት ሃንጋሪ ክዝበሮ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

እቲ ሰልፊ ነዚ ዘፍለጠ ዝሓለፈ ቀዳም ንመራሕቲ ሕሉፋት የማናውያን ሰልፍታት ጀርመንን ካልኦት ሃገራትን ዓዲሙ ኣብ ዘካየዶ ዋዕላ እዩ።

ኣብቲ ዋዕላ፡ መራሒ ናይ'ቲ ሰልፊ ላስሎ ቶሮዝካይ ኣብ ዘሰምዖ መግለጺ፡ ዩክሬን ብሰንኪ'ቲ ኩናት ገለ ክፋል መሬታ ኣብ ትሕቲ ልኡላዊ ግዝኣት ሩስያ ክኣቱ እንተድኣ ክኢሉ፥ እቲ ፖለቲካዊ ሰልፊ'ውን ስልጣን ምስ ጨበጠ፡ ነቲ ኣስታት 150 ሽሕ ሃንጋርያውያን ዝዑበርሉን ልዕሊ 127 ሽሕ ትርብዒት ከሎሜተር ዝሽፍኖን ብዛ ‘ትራንስካርፓሸያ’ ዝፍለጥ ምዕራባዊ ክፋል ዩክሬን - ብሓይሊ ምስ ልኡላዊ ግዝኣት ሃንጋሪ ክጽንበሮ ምዃኑ ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሃንጋሪ ይኹን ኣብ ከተማ ቡዳፔስት ዝመደበሩ ኣምባሲ ዩክሬን፡ ነቲ ሰልፊ ዝተዋህበ መግለጺ ኣመልኪቶም ዛጊት ዝሃብዎ ምላሽ የለን።

እንተኾነ፡ እቲ ፖለቲካዊ ሰልፊ ናብ ስልጣን እንተደየበ፡ ክልቲኦን ሃገራት ናብ ዘይደሊ ረጸሚ ከምርሓ ከምዝኽእላ ተንተንቲ ፖለቲካ ይእምቱ።

ዩክሬን፡ እቶም ኣብ ምዕራባዊ ግዝኣታ ዝነብሩ መበቆል ሃንጋሪ ዘለዎም ኣሽሓት ነበርቲ ብቛንቋኦም ከይዛረቡ ብምኽልካል፡ ማሰሉም ትግህስ ከምዘላ እያ ሃንጋሪ ብተደጋጋሚ ትኸስስ።

ሃንጋሪ ብዘይካ'ዚ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ሕብረት ኤውሮጳ ንዩክሬን ብኣባልነት ንምሕቋፍ ዘኽእሎ ዝርርብ ምስ ሰበስልጣን ከያቫ ከይጀምር፡ ከምኡ ድማ እቲ ሕብረት ንታ ሃገር 50 ቢልዮን ዶላር ሓገዝ ክህባ ዝቐረቦ እማመ ንብየና ከምእተቓወመቶ ይዝከር።

ቢዚ ድማ - ምስ ዩክሬን ዘጽንሓ ዝምድና ናብ ዝተሓተ ደረጃ ወሪዱ ከምዘሎ፡ ነቲ ኩነታት ብቐረባ ዝከታተሉ ተዓዘብቲ የረድኡ።

## ዩክሬን - ሰበ-ስልጣን ምክልኻል 40 ሚልዮን ዶላር ኣጠፋፊኦም

ሰበስልጣን ሚኒስትሪ ምክልኻል ዩክሬን፡ ምስ ሰራሕተኛታት ‘ለቪቭ ኣርሰናል’ ዝተባህለ ኣብ መፍረ-ኣጽዋር ዝዋፈር ኩባንያ'ታ ሃገር ብምምሻጥ፡ ንዕድጊ ኣጽዋር ዝተሰልዐ 40 ሚልዮን ዶላር ኣብ ጁባኦም ከምዝኣተወ፡ ኣገልግሎት ጸጥታ ዩክሬን ሓቢሩ።

ብመሰረት እቲ ኣገልግሎት ጸጥታ፡ እቲ ዝተጠፋፍአ ገንዘብ፡ ኣብቲ ምስ ሩስያ ዝገበር ዘሎ ኩናት ዝውዕል 100 ሽሕ ቦምባታት ሞርታር ንኽሽመት ተባሂሉ እዩ - በቲ መንግስቲ ተመዲቡ ነይሩ።

በቲ ገበን ዝተጠርጠሩ ሓሙሽተ ሰባት ክሲ ተመስሪትሎም ከምዘሎ፡ ሓደ ጥርጡር ድማ - ዶብ ሰጊሩ ክሃድም ኣብ ዝፈተነሉ እዋን ከምእተታሕዘ እቲ ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

እቲ ዝተታሕዘ ጥርጡር ገበነኛ ኰይኑ ምስ ዝርከብ፡ ክሳብ 12 ዓመት ዝኣሰሮ ፍርዲ ክወሃቦ ከምዝኽእል ኮይኑ፡ እቲ ሓበሬታ ወሲኹ ይጠቅስ።

ዩክሬን ኣጽዋር ንምሻማት ዝተሰልዐ ገንዘብ ከምእተጠፋፍኣን ጥርጡራት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣተውትን ትሕብር ዘሎ፡ ናብ ሕብረት ኤውሮጳን ኔቶን ናይ ምጽንባር መስርሕ ብሰንኪ'ቲ ሳዕሪሩዋ ዘሎ ብልሽውና ንብዙሕ ዓመታት ክደናጐ ከምዝኽእል፡ ብብዙሓት ወገናት ኤውሮጳ ኣብ ዝግለጸሉ ዘሎ እዋን እዩ።



## ሰሜን ኮርያ፡ ኑክሌሳዊ ቦምብ ዝጸውር ሚሳይላት ወንጪፉ

ሰሜን ኮርያ፡ ኑክሌሳዊ ቦምብ ጸዒኑ ኣሽሓት ኪሎሜተር ክጓዓዝ ዝኽእል ሓያሎ ክሩስ ሚሳይላት ንፈተነ ከምዝወንጨፈት ተሓቢሩ።



ኣገልግሎት ዜና ሰሜን ኮርያ ከምዝሓበሮ፡ እቲ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም እታ ሃገር ካብ ዝርከብ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ ዝተወንጨፈ ሓያሎ ሚሳይል፡ ንኣስታት 2 ሰዓታት ድሕሪ ምብራሩ ኣብ ባሕሪ ወዲቑ።

ማዕከናት ዜና ሰሜን ኮርያ፡ ፕረዚደንት ኪም የንግ ኡን ምስ ናይ ሰራሕ ብጾቱ ብሓባር ነቲ ፈተነ እናተዓዘበ ዘርኢ ኣሳእል ከምዝዘርገሓ እውን ተፈሊጡ።

መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም የንግ ኡን ንመዓስከር ሓይሊ ባሕሪ ድሕሪ ምብጻሑ፡ ብዘሃቦ ተበጺሑ ዘሎ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ከምእተሓገዘ ምግላጹ ምንጭታት እታ ሃገር ገሊጾም።

እታ ሃገር ዝሓለፈ ወርሒ'ውን ነዊሕ ዝጓዓዝ ባለስቲካዊ ሚሳይልን ኣብ ትሕተ-ባሕሪ እተጥቅዕ ሰብኣልቦ መሳርሒ (ድሮን) ምፍታና ይፍለጥ።

ሰሜን ኮርያ፡ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ክሽከም ዝኽእል ሚሳይል ብዕውት ምፍታና፡ ንጎረባብታ ዝኾና ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ከቢድ ሻቕሎት ፈጢሩለን ከምዘሎ እዩ ዝዝረብ።

እቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ሰሜን ኮርያ ዝወንጨፈቶ ስትራተጂያዊ ክሩስ ሚሳይላት፡ ኣብ ትሕቲ ባሕሪ ካብ ዝርከብ ቀዋሚ ቦታ ከምእተበገሰ፡ ኣብ መጻኢ ግን ካብ ተንቀሳቓሲት ሳብማሪን ክብገስ ከምዝኽእል ኮይኑ ከምዝምዕብልን ዝጠቕሱ ምንጭታት፡ እቲ ዝምዕብል ዘሎ ኣጽዋር እታ ሃገር ንዘጋጥመዋ ተጻብኦ ኣብ ምብዳህ ዓቢ ተራ ከምዝህልዎ ኣረጋጊጾም።

ዝሓለፈ ማክሰኞ፡ ሰሜን ኮርያ ናይ ፈለማ መርከብ ትሕተ-ባሕሪ (ሳብ ማሪን) ድሕሪ ምስራሓ፡ ኣብ ታሪኽ ምዕባለ ሓይሊ ባሕሪ ሰሜን ኮርያ ሓዳሽ መድረኽ ዝኸፈት ምዃኑ እያ ክኢላታት ዝገልጹ።

## ዶናልድ ትራምፕ፡ ‘ኣመሪካ ኣብ ኔቶ ክትኣምን የብላን’ ይብል

ናይ ቀደም ፕረዚደንት ኣመሪካ ዝነበረ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኔቶ ንኣመሪካ ካብ ዝኾነ መጥቃዕቲ ክድሕና ከምዘይክእል ብምግላጽ፡ እታ ሃገር ኣብ ልዕሊኡ እምነት ከይተሕድር ተማሕጺኑ።

እቲ ፕረዚደንት-ነበር ነዚ ዝገለጸ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ከተማ ላስ ቬጋስ - ናቫዳ ናይ ዶግም ምረጹኒ ጎስጓስ ኣብ ዘካየደሉ ዝነበረ እዋን ንደገፍቱ ኣብ ዘሰምዖ መግለጺ እዩ።

ንሰልፊ ረፓብሊካን ወኪሉ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ 2024 ክወዳደር፡ ንፕረዚደንት ጆ ባይደን ረቲዑ ክዕወትን ልዑል ተኽእሎ ከምዘለዎ ዝንገረሉ ትራምፕ ኣብ መግለጺኡ ብተወሳኺ፡ ዓንቀጽ 5 ናይ ቻርተር እቲ ወተሃደራዊ ኪዳን፡ ኣብ እዋን ሓደጋ ኣብ ባይታ ክትግበር ይኽእል'ዩ ዝብል እምነት ከምዘይብሉ ኣረጋጊጹ።

እቲ ዓንቀጽ፡ ኣብ ልዕሊ ዝኾነት ኣባል ኔቶ ዝፍጸም ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ፡ ከም ኣብ ልዕሊ ኩለን ኣባላት'ቲ ኪዳን ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ተቖጺሩ ግቡእ ወተሃደራዊ ምላሽ ክወሃቦ ከምዘለዎ እዩ ዝጠቅስ።

ዶናልድ ትራምፕ፡ “ኔቶ ግዚኡ ዝሓለፈ ኪዳን'ዩ” ክብል ኣብ 2017 ኣብ ብራሰልስ - ቤልጅዩም ዝሃቦ መግለጺ እውን ኣዘራቢ ኰይኑ ከምዝነበረ ይዝከር።

ንሱ፡ ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ጀርመንን ካልኦት መሓዙት ኣመሪካ ዝኾና ሃገራትን ነቲ ወተሃደራዊ ኪዳን ንምሕያል እኹል ፋይናንሳዊ ወጻኢታት ይገብራ ከምዘየለዋ ብምውቃስ፡ ንኣመሪካ ካብ ኣባልነት እቲ ኪዳን ከውጽኣ ከምዝኽእል ኣጠንቂቑ ምንባሩ ይዝከር።

ትራምፕ፡ ኣብ'ቲ ዝመጽእ ሕዳር ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ምስ ዝዕወት፡ ኣብ መንጎ ኣመሪካን እቲ ብኣኣ ዝምራሕ ኔቶን ዘሎ ዝምድና ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ከምዝኽእል ብዙሓት ተንተንቲ የጠንቅቑ።



ብተወሳኺ፡ ንፖሊሲ ምምሕዳር ጆ ባይደን ኣብ ጕጅት ዩክሬን ብትሪ ዝቃወም ዶናልድ ትራምፕ፡ ደጊሙ ፕረዚደንት ኣመሪካ ኰይኑ እንተደኣ ተመሪጹ፡ ንኩናት ዩክሬን-ሩስያ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ደው ብምባል፡ ኣብቲ ዞባ ዘላቒ ሰላም ከሰፍን ምዃኑ'ዩ ዝገልጽ ዘሎ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ቅሳነት | 30/01/2024 | ጎደና ሓማሴን ቁ.45 ክባቢ ማይ ኣባሻውል | 110911 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565